# ስጉምታት ንጠለብ መድሕን ስራሕ ኣልቦነት ምምላእ

State of Oregon Employment Department

## ቅድሚ ምምልካትካ፦ ሓበሬታ ኣክብ

ንመድሕን ስራሕ ኣልቦነት ንምምልካት፣ ስምካ፣ ቑጽሪ ማሕበራዊ መድሕንካ፣ ዕለት ናይ ልደትካ ከምኡዉን መራኸቢ ሓበሬታኻ ከተቕርብ ኣለካ። ናይ U.S. ዜጋ ምስ ዘይትኾዉን፣ ቑጽርኻ ናይ USCIS፣ A-ቑጽሪ ወይ I-94 ቑጽሪ ክትጥቐም ትኽእል ኢኻ።

ምሉእ ናይ ስራሕካ ታሪኽ ንዝሓለፈ 18 ኣዋርሕ ከተቕርብ ኣለካ። እዚ ኣስማይ ኣስራሕቲ፣ ኣራሻታት ናይ ኣስራሕቲ፣ ናይ ኣስራሕቲ ቑጽሪ ተሌፎን ከምኡዉን ዕለታት ናይ ስራሕ የጠቓልል።

### ይ ስጉምቲ 01

#### ናይ መጀመርታ ጠለብ ኣቕርብ

ኢንተርነት፦ ኣብ unemployment.oregon.gov ንናይ ክፍሊታት መድሕን ስራሕ ኣልቦነት ኣቕርብ።

ተሌፎን፦ **877-345-3484** ደዉል።

### ይ ስጉምቲ 02

#### ሰሙናዊ ጠለባት ኣቕርብ

ጥቕምታት ናይ ስራሕ ኣልቦነት ክትረክብ ክትጅምር፣ ሰሙናዊ ጠለባት ክተቕርብ እዉን የድልየካ እዩ። ነቲ ናይ ዝቐደመ ሰሙን ጠለብ ንምኽተቕርብ ክሳብ ሰንበት ክትጽበ ኣለካ።

ኢንተርነት፦ ኣብ frances.oregon.gov ናይ ሰሙን ጥቕምታት ጠለብ ኣቕርብ።

ተሌፎን፦ ናብ **800-982-8920** ብምዳዋል ናይ ሓደ ሰሙን ጥቕሚ ጠለብ ኣቕርብ።

### ይ ስጉምቲ 03

#### ናብ ስራሕ ንኽትምለስ ድሉዉ ኩን

ክትሰርሕ ክትክእል፣ ንኽትሰርሕ ድሉዉ ከምኡዉን ስራሕ ብንጡፍ ትደሊ ዘለኻ ኩን። ጥቕምታት ስራሕ ኣልቦነት ዝቕበሉ ሰባት ስራሕ ክደልዩ ከምኡዉንምንዳይ ስርሖም ክስንዱ ይሕተቱ።

## ተደጋጊሞም ዝሕተቱ ሕቶታት

### መድሕን ስራሕ ኣልቦነት እንታይ እዩ?

መድሕን ስራሕ ኣልቦነት ነቶም ብዘይ ናይ ገዛእ ርእሶም ጌጋ ስራሕ ዘይብሎም ሰባት ወይ ሰዓታቶም ዝጎደሎም ገንዘብ ይህብ። ሰሙናዊ ክፍሊታት ነቶም ብንጡፍ ስራሕ ዘናድዩ ዘለዉ ሰባት ይድግፍ።

### መድሕን ስራሕ ኣልቦነት ክረክብ ይኽእል ድየ?

ብዙሓት ሰራሕተኛታት ንመድሕን ስራሕ ኣልቦነት ዋላ'ዉን ኣስራሒኦም ግዚያዊ ሰራሕተኛታት እዮም እንተበለ ብቑዓት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ኣብ ዉሽጢ 18 ኣዋርሕ ናይ ስራሕ ታሪኽ ክህልወካ ኣለዎ፣ ከምኡዉን ካልኦት ናይ ደሞዝ ረቛሒታት ኣለዉ። ሰባት ዝኾነ ዝግብኦም ጥቕምታት ንኽንህቦም ንመድሕን ስራሕ ኣልቦነት ከመልክቱ ነተባብዕ ኢና።

### ሰሙናዊ ጠለብ መዓስ የቕርብ?

ጥቕምታት ምርካብ ንምቕጻል፣ ሰሙናዊ ጠለብ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሰሙን፣ ኣብ ርእሲ እቲ መጀመርታ ጠለብካ፣ ከተቕርብ ኣለካ። ሰሙን ሰንበት ክሳብ ቀዳም እዩ። ነቲ ናይ ዝቐደመ ሰሙን ጠለብ ንምኽተቕርብ ክሳብ ሰንበት ክትጽበ ኣለካ። ዋላ'ዉን ኣብታ ሰሙን እንተ ሰራሕካ ሰሙናዊ ጠለብ ኣቕርብ።

### እንተ ሰሪሐ ኸ?

ትሕቲ 40 ሰዓታት ምስ ትሰርሕ ከምኡዉን ትሕቲ መጠን ሰሙናዊ ጥቕምኻ ምስ ትሰርሕ ንጥቕምታት ብቑዕ ክትከዉን ትኽእል ኢኻ። ኣብ ሰሙን ነቶም ዝሰራሕካሎም ሰዓታት ጸብጻብ ከም እተቕርብ ርግጸኛ ኩን። ንነፍሲ ወከፍ ሰሙን፣ ዋላ'ዉን ገና ዘይተኸፈልካ ምስ ትኸዉን፣ ጠቕላላ ኣታዊኻ ጸብጻብ ክትህብ ኣለካ።

### ክንደይ ክረክብ ይኽእል?

ኣብ 12-ኣዋርሕ ዝረኸብካዮ መጠን፣ መሰረት ዓመት ዝብሃል፣ መጠን ሰሙናዊ ጥቕምኻ ይዉስን። እቲ ዝወሓደ ከምኡዉን ዝለዓለ ሰሙናዊ ጥቕሚ ብሕጊ ዝቖመ እዩ።

እቲ Oregon Employment Department (OED፣ ክፍሊ ስራሕ ኦርጎን) ማዕረ ዕድል ዝህብ ትካል እዩ። OED ኣገልግሎታትና ክትጥቀመሉ መታን ነጻ ሓገዝ ይህብ። ገለ ኣብነታት ናይ ምልክት ቛንቛ ከምኡዉን ዝተዘረበ-ቛንቛ ተረጎምቲ፣ ብኻልእ ቛንቛታት ዝተጽሓፉ ጽሑፋት፣ ዓበይቲ ሕትመት፣ ድምጺ፣ ከምኡዉን ካልኦት ቕጥዕታት እዮም። ሓገዝ ንምርካብ፣ ብኽብረትካ ናብ [unemployment.oregon.gov](https://unemployment.oregon.gov) ኪድ ከምኡዉን ኣብ Contact Us ጠዉቕ ወይ ብ877-345-3484 ደዉለልና። ተጠቃምቲ TTY ናብ 711 ደዉል።